ኩናት ዩክረይን ጠንቒን ሳዕቤናቱን

ብዕለት 26 ጥሪ 2023 ናይ ሩስያ ወጻኢ ጉዳይ ሚንስተር ሰርጂ ላቮሮፕ ኣብ ኤርትራ ወግዓዊ ምብጻሕ ብምክያድ ምስ ፕረሲደንት ኢሰያስን ላዕሎዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ኤርትራ ተዘራሪቡ። ኣብ'ዚ ርክክብ ሚንስተር ላቮሮፕ ጉዳይ ኩናት ዩክረይን ኣብሪሂሉ። ብተወሳኺ ኣብ መንነ ሩስያን ኤርትራን ዝህሉ ቁጠባውን ወተሃደራውን ዲፕሎማስያውን ምትሕግጋዝ ተዘራሪቦምን ተረዳዲኦምን።

ሚንስተር ላቮሮፕ ውግእ ይዩክረይን ኣብ 2020 ዝተጀመረ ዘይኮነስ ካብ 2014 ዝጸንሐ ምኻኑ ሓቢሩ። እዚ ውግእ ከመይ ኢሉ እዩ ኣብ 2014 ተጀሚሩ ዝብል ሕቶ ክልዓል ግድን እዩ። ውግእ ዩክረይን ኣብ 2014 ጀሚሩ ዘብሎ ክልተ ዓበይቲ ጉዳያት ኣለዉ።

ቀዳማይ ውግእ ዩክረይን ንምጅማር ጠንቂ ዝኾነ ዩክረይን ብድሕሪ እቲ ብዕልዋ መንግስቲ ዝመጸ መሪሕነት ዩክረይን ኣብ ናቶ(NATO) ኣባል ክትከውን ምውሳኖም እዩ። ናይ ነቶ(NATO) ኑክለራዊ ኣጽዋር ኣብ'ታ ካብ ከተማ ሩስያ ዝኾነት ሞስኮ 317 ኪሎመተር ሪሒቓ እትርከብ ከተማ ሾሽታክ ንክድኮን ብምውሳና እዩ።

ካልኣይ ጠንቂ ዳርጋ 18 % ካብ ህዝቢ ዩክረይን መቦቆል ትውልዲ ሩስያ ዘለዎም ኣብ ሽነኽ ምብራቓውን ደቡባውን ዩክረይን ዝርከባ ክረመያን ዶንባስን ሉሃንስክን ዶንተስክን ዛፕሮዝዝያን ኬርሶንን ዝነብሩ ዜጋታት ብቓንቐኦም ከይማሃሩን ብጥበብ ዝተሓወሶ ናይ ምጽናት ወይ ምብራር ስጉምቲ ብመንግስቲ ዩክረይን ይውሰዶም ስለዝነበረ ህዝባዊ ምንቅስቓስ መስሪቶም ብደገፍ ናይ ሩስያ ቃልሶም የካይዱ ነይሮም። ኣብ 2014 እቶም ኣብ ክረምያን ዶንባስ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዘካይዱ ዝነበሩ ብደገፍ ናይ ሩስያ መሬቶም ተቆጻጺሮም ኣካል ሩስያ ኢና ኢሎም ኣዊጆም፣ ሩስያ ድማ ከም ግዝኣታ ፈሊጣተን።

እተን ዝተረፋ ኣርባዕተ ዞባታት ብፍላይ ዩክራንያ ኣብ 2020 ናብ ናቶ ክትኣቱ ጠለብ ምስ ኣቕረበት ሰራዊት ሩስያ ምስ ተቃወምቲ ዩክረይን ብሓባር ኮይኑ ንዞባታት ሉሃንስክን ዶንተስክን ክሮስያን ዘፕሮዝዝያንን ብሓይሊ ኩናት ሲሚሮም ኣብዘን ኣርባዕተ ዞባታት ርፈረንዱም ብምክያድ ኣካል ሩስያ ምኻነን መንግስቲ ሩስያ ኣዊጁ። እቲ ኩናት ክሳብ ሕጂ ኣብ ቡዙሕ ቦታታት ብወገን ክሊትኤን ሃገራት ናይ ምድፋእን ድሕሪት ምምላስን ኣብ ገለ ገለ ቦታታት ይርኤ ኣሎ።ዩክረይን ዘይተኣደነ ናይ ማልን ኣጽዋርን ካብ ምዕራባውያን ሃገራት ይውሕዛ ኣሎ። ሩስያ ድማ ኣዝዩ ዝማዕበለ ናይ ውግእ መሳርሕታት ብምስራሕ ሓዲሽ ወራር ከተካይድ ትዳሎ ኣላ።

ኣብታ ቀንድን ኣገዳሲትን ቀዳመይቲ ነጥቢ ተመሊስና ክንርእዮ ከለና፣ ድሕሪ ብ1991 ምፍራስ ሶቬት ሕብረት መንግስቲ ኣሜርካ ነታ ን ዶባት ሩስያ ዝቀረበት ሃገር ዩክረይን ኣባል ናቶ ንምግባር ሓንጺጻ ንህዝቢ ዩክረይን ንምስዳዕ ዘይተሓለለ ጻዕሪ ኣካይዳ።

ካብ 2003-2009 20% ዩክረናውያን ሃገሮም ኣባል ናቶ ክትከውን ክደልዮ እንከለዉ 55% ድማ ይቃወሙ ነይሮም። ኣብ 2010 17%ዩክረናውያን ናቶ ከም ናቶም መድሕን ክርእይዋ እንከለዉ 40% ድማ ሓደጋ ንሃገሮም ምኻና ይኣምኑ ነይሮም። ድሕሪ ኣብ የካቲት 2014 ብስርዓት ምምሕዳር ኦባማ ዝተኻየደ ዕልዋ መንግስቲ ዩክረናውያን 53.4% ኣባልነት ዩክረንያ ኣብ ነቶ ክድግፉ እንከለዉ 33.6% ይቃወሙ ነይሮም።

እዚ ለውጢ ናይ ኣረኣእያ ኣብ ህዝቢ ዩክረይን ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት እቶም ኣብታ ሃገር ዝነበሩ ቢልዮነርታት ብምትሕብባር ምስ CIAን ብጉቦን ንኩለን ናይ ዜና ማዕከናት ብምስዳዕን ሓያል ፕሮፖጋንዳ ብምግባር ሩስያ ቀንዲ ጸላኢት ዩክረይን ምኻና ነስጓስ ብምግባር ምግምጣል መንግስቲ ንክግበር ርእይቶ ህዝቢ ኣብ ምቅያር ዓቢ ግደ ተጻዊቶም። ኣብ 2014 ዝመጸ መንግስቲ ድማ ዩክረይን ኣባል ናቶ ክትከውንን ናይ ኑክለየር ኣጽዋራት ኣብ ሃገሩ ንክትከል ዘፍቅድ ምኻኑ ሓቢሩ።

ኣብ 1962 ሶቬት ሕብረት ኣብ ኩባ ወተሃደራዊ መዓስከርን ናይ ኑክለየር ሚሳይላት ክትተክል ኣብ ዝፈተነትሉ፣ ኣሜርካ ንሃገራዊ ድሕነተይ ኣስጋኢ እዩ ኢላ ስለዝተቃወመት ዓቢ ኣብ ሞንጎ ሩስያን ኣሜሪካን ምፍጣጥ ተራእዩ። ህዝቢ ዓለም ድማ ሳልሳይ ውግእ ዓለም ክይላዓል ሰግኣ።እንተኾነ ፕረሲደንት ጆን ኦፍ ከነድን ናይ ሶቬት መራሒ ኩሩሽቭን ልቦና ዝመልኦ ምርድዳእ ስለዝገበሩ እቲ ኣብ ኩባ ክትከል ተሓሲቡ ዝነበረ መዓስከር ከተርፍ ኣሜርካ ንኩባ ክይትወራን ኣብ ኤውሮጳ ማለት ኣብ ቱርክን ኢጣልያን ዝነበረ ናይ ኣሜርካ ኑክለራዊ ሚሳይላት ክእለን ብምስምምዖም ሳልሳይ ውግእ ዓለም ክይልዓል ንዓለም ኣድሒኖማ።

ኣብ ኩባ ክትከል ተሓሲቡ ዝነበረ ኑክልያር ሚሳይል ርሕቀቱ ክሳብ ዋሽንግቶን ዲሲ 1131 ማይልስ እዩ። ንዋሽንግቶን ከዕንውዋ ድማ 30 ደቂቅ እዩ ዘድልዮ። እዚ ሕጂ ኣብ ዩክረይን ክትከል ዝሕሰብ ዘሎ ኑክለየር ሚሳይል ርሕቀቱ ክሳብ ሞስኮ 317 ማይልስ እዩ። ናብ ሞስኮ ንክበጽሕ ድማ ሓሙሽተ ደቂቅ ጥራሕ እዩ ዘድልዮ።ሕጂ ናይ ሩስያ ሙጉት ኣሜርካ ኣብ ኩባ ክትከል ተሓሲቡ ዝነበረ መደበር ትቃወም እንተነይራ ስለምንታይ ሃገራት ምዕራብ ሕጂ ነዚ ቶኽታኺ ስጉምቲይወስዳ ኣለዋ? ሩስያ ሃገራዊ ድሕነታታን ረብሓታት ዜጋታታ ከተውሕስ ዝኾነ ስጉምቲ ክትወስድ መሰል ኣለዋ።

ሳዕቤን ናይ'ዚ ኩናት ብጉብእን ብልቦናን እንተዘይተፈቲሑ ናብ ሳልሳይ ውግእ ዓለም ዘብጽሕ እዩ። ኣብዚ ክልተ ዓመት ዝተኻየደ ውግእ ብምልዮናት ዝቁጸሩ ዩክረናውያን ኣብ ውሽጢ ሃገሮምን ካልኦት ሃገራትን ተፈናቂሎም ይርከቡ። ቁጠባን ትሕተ ቅርጽን ናይ ዩክረይን ድማ ይዓኑ ኣሎ። ኣብ'ዚ ኩናት ኣማእት ኣሽሓት ሲቪላውያንን ወተሃደራትን ሩስያን ዩክረይንን ሞይቶምን ይሞቱን ኣለዉ።

ኩናት ዩክረይን ኣብ ሞንጎ ሩስያን ዩክረይንን ከይተሓጽረ ንሙሉእ ዓለም ኣናዊጹ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ሃገራት ምዕራብን ኣሜርካን ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝወስድኦ ዘለዋ እገዳ፣ መንግስቲ ሩስያ'ውን ኣብ ልዕሊኤን ዝወስዶ ዘሎ ግብረ-መልሲ ኣብ ዓለም ቁጠባዊ ቅልውላውን ናይ መግቢ ሕጽረትን ብሰንኪ እዚ ድማ ናህሪ ዋጋታት ኣብ ዓለም ኣኸቲሉ ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ስግኣት ግን ሳልሳይ ውግእ ዓለም ክይላዓል እዩ። እንተድኣ ኩናት ተጀሚሩ ካብ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ውግእ ዓለም ዝተራእየ ዕንወት ዝተዓጻጻፈ ክኸውን እዩ።

ኣብዚ ኩናት ክሳብ ሕጂ ዝረብሑ ዘለዉ ናይ ምዕራብ ኣፍረይቲ ኣጽዋራት እዮም።ኣብ 2022 መሸጣ ኣጽዋር ኣሜርካ ልዕሊ 49% ወሲኹ ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ኣደራዕ ዝስከም ዘሎ ግን ህዝቢ ዩክረይን እዩ። ዩክረይን ናይ ኤውሮጳ ወያነ ኮይና ኣብ ልዕሊ ህዝባ ህልቂት ኣብ ቁጠባኣ ዕንወት ንረብሓ ምዕራባውያን ሃገራት እተገልግል ዘላ ሃገር እያ።

መርገጽ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ዩክረይን ኣብ ርትዓውን ሕጋውን መትከል ዝተመርኮሰ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ዩክረይን ብካልእ ሃገር ክትውረር ፈጺማ ኣይትድግፍን እያ። ዝኾነት ትኹን ሃገር ንኻልኦት ሃገራት ኣብ ሓደጋ ንምእታው ዝገብርኦ ስርሓት ድማ ትቃወም። መንግስቲ ኤርትራ ንጠንቂ ናይ ኩናት እዩ ዝቃወም፣ እቲ ካልእ ሳዕቤን ናይቲ ጠንቂ ማለት ንድሕነት ሩስያ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ድማ ብትሪ ትቃወም።

ግርማይ የማነ

ርያድ ሱዑዲ ዓረብ 30/01/2023